# ኣቶ ዘርኣይ ተኽለኣብ

# “ህዝብና ወትሩ ሞሳ ስዉኣት ስለዝዝክር፡ ስድራ ስዉኣት ክናቢ ድሉው’ዩ”



**ሓፋሽ ዘንቀሎ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ጽንኩር መድረኻት ብምስጋርን ረዚን መስዋእቲ ብምኽፋልን ናጽነት ወሊዱ። ናጽነት ህያብ ስዉኣትና እያ። ሰማእታት እንተዘይሓልፉ ኣበየናይ መዋእል ምሃለና? ኣብ መግዛእትን ኩነኔን ኣብ ምግፋዕን ጭቆናን. . .? መጻእቲ ወለዶ ናጽነት ክረኽቡ እምበኣር፡ ሰማእታት ብልዑል ጅግንነት ንመስዋእቲ ከም ጽዋእ እናተቐዳደሙን ሓሊፎም። ብረዚን መስዋእቲ ዝተረጋገጸ ናጽነት ምዕቃቡን ናብ ዝመጽኡ ወለዶ ምስግጋሩን ከኣ፡ ናይ’ዞም ተረከብቲ ሃገር ግደ። ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ‘ፍኖት’፡ ስድራ ስዉኣት ንምንባይ ብመንግስቲ ይኹን ብዜጋታት ዝግበር ዝተፈላለየ ደገፉት - መዓስ ከም ዝጀመረ፡ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከም ዝርከብን ኣበርክቶኡን ብዝምልከት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነት ስድራ-ስዉኣት ኣቶ ዘርኣይ ተኽለኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣሎ - ይስዕብ።**

**መንግስቲ፡ ስድራ ስዉኣት ንምንባይ እንታይ ንጥፈታት ወይ ዕማማት ኣሰላሲሉ ኣሎ?**

ኣብ 1993 ናጽነት ኤርትራ ብረፈረንደም ምስ ተረጋገጸ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1994 መንግስቲ ስድራ ስዉኣት ንምንባይ ኣዋጅ ኣውጺኡ። እቲ ኣዋጅ ብቑጽሪ 48/1994 ዝፍለጥ እዩ። ብመሰረት እቲ ኣዋጅ፡ ንነፍሲ ወከፍ ስድራ ስዉእ ወይ ስውእቲ 10 ሽሕ ብር ደበስ ተዋሂቡ ነይሩ። ኣብቲ እዋን መንግስቲ ገና ኣብ እግሪ ተኽሊ ብምንባሩ፡ እቲ መጠን ገንዘብ ምስ ቁጠባዊ ትሕዝቶኡ

ብምንጻጻር ኣዝዩ ብዙሕ ነይሩ። ማዕረ-ማዕረ'ዚ: ኣፍረይቲ ክኾና ከም ዝኽእላ ዝተኣምነለን ስድራ ስዉኣት ድማ: መነባብሮአን ንምምሕያሽ ዓይነታዊ ደገፍ ይወሃበን ነይሩ። ስለ'ዚ: ኣብቲ እዋን መትከሊ እግሪ ዝኸውን ሓገዛት ተዋሂቡ እዩ። ብዘይካ'ዚ: ስድራ-ቤታት ርእሰን ንኽኽእላ ሞያዊ ስልጠናታት ብምውዳብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ይካየድ ነይሩ። እቲ ንስድራ ስዉኣት ዝተዋህበ ደበስ ውጽኢት ስለዘይተረኽቦ ግና: መንግስቲ ጸገም ስድራ ስዉኣት ዘቃልል ዘላቒ ፍታሕ ንምምጻእ ዓሊሙ ክሰርሕ ጀሚሩ። በዚ ምኽንያት: ኣብ 2003 ነቲ ኣቐዲሙ ዝወጽአ ኣዋጅ መሰረት ዝገበረ ብቑጽሪ 137/2003 ዝልለ ካልእ ኣዋጅ ኣውጺኡ። ብኣኡ መሰረት ድማ: መንግስቲ ካብ ወርሒ ጥሪ 2004 ኣትሒዙ ወርሓዊ 500 ናቕፋ ንነፍሲ-ወከፍ ስድራ ስዉእ ደበስ ክኸፍል ጸኒሑን ኣሎን።



## ሕራይ: ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ክንደይ ዝኣክል መጠን ገንዘብ ንስድራ ስዉኣት ተኸፊሉ ኣሎ?

ኣብ'ቲ ፈለማ ዓመታት: መንግስቲ ዓመታዊ ኣስታት 350 ሚልዮን ናቕፋ ንመናበዪ ስድራስዉኣት ይስልዕ ነይሩ። ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ግን: ወለዲ ስዉኣት ብሞት: ኣንስቲ ስዉኣት ብመርዓ: ደቂ-ስዉኣት ድማ ብዕድመ ካብ'ቲ መዝገብ እናወጽኡ ብምምጻኦም: ኣብዚ እዋን ዓመታዊ ኣስታት 300 ሚልዮን ናቕፋ ደበስ ይኸፍል ኣሎ። እቶም ዝተኸፍሉን ገና ዝኽፈሉ ዘለዉን ስድራ-ስዉኣት: ብዝሖም ኣስታት 56 ሽሕን 965 ኣቢሎም ይበጽሑ። ክሳብ ወርሒ ታሕሳስ 2023 ከኣ: መንግስቲ ብጠቕላላ ልዕሊ 5.7 ቢልዮን ናቕፋ ንደበሰ ስድራ ስውኣት ከፊሉ ኣሎ።

## ስድራ-ስዉኣት ንምንባይ ብዜጋታት ዝግበር ሓገዝከ መዓስ ጀሚሩ?

ዛጊት ክንደይ ዝኣክል መጠን ደገፍ ተገይሩ ኣሎ? ኣብ 2004 መንግስቲ ንመደብ ምንባይ ስድራ ስዉኣት ምስ ኣበገሶ: ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብሩ ዜጋታት: "መንግስቲ ስድራ ስዉኣት ንምንባይ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ። ንሕናኸ ብወገና እንታይ ክንገብር ንኽእል?" ዝብል ሕቶ ብምልዓል ተበግሶ ክወስዱ ጀሚሮም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝቐጸለ ዓመት ስድራ ስዉኣት ንምሕጋዝ ንኽልተ ዓመት ዝኸይድ፡ ብቐዋሚ ወይ ንዝተወሰነ እዋን ከከም ዝጥዕሞም መደብ ሒዞም ግቡኦም ክገብሩ ጀሚሮም። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብሩ ዜጋታት እውን፡ ነቶም ስድራ ንምሕጋዝ ካብ 2008 ኣትሒዞም እተፈላለየ ንጥፈታት ከካይዱ ጀሚሮም። ስለ'ዚ፡ እቶም ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ንነፍሲ-ወከፍ ስድራ ስዉእ/ስዉእቲ ንኽልተ ዓመት ንምሕጋዝ ዝስልዕዎ መጠን ገንዘብ 720 ዶላር ክኸውን እንከሎ፡ እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ከኣ - 12 ሽሕ ናቕፋ ንኽልተ ዓመት እናሃቡ፡ ስድራ ስዉኣት ኣብ ምሕጋዝ ይርከቡ። እምበኣርከስ፡ እዞም ዜጋታት ብኽምቲ መንግስቲ ዘበገሶ ወርሓዊ 500 ናቕፋ ንመናበዪ ስድራ ስዉእ እናኣበርከቱ ይርከቡ ኣለዉ። በዚ መሰረት፡ ንዝተለለዩ ኣስታት 21,103 ጽጉማት ስድራ ስዉኣት፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 180 ሚልዮን ናቕፋ ሓገዝ ተገይሩ ኣሎ።



## ስድራ ሰማእታት ንምንባይ ብዓይነት ይኹን ሰልጠናታት ብምውዳብ ዝግበር ደገፋት እንታይ ይመስል?

ምጥያስ ስድራ ስዉኣት እውን ኣካል'ቲ ዝካየድ ሓገዛት እዩ። ነተን ከፍርያ ወይ ከድምዓ ዝኽእላ ስድራ-ቤታት፡ ማለት ኣንስቲ ወይ ደቂ-ስዉኣት ብሞያ ብምስልጣን፡ በቲ ዝቐሰምዎ ዓውደ-ሞያ ናብ ስራሕ ዓለም ከም ዝዋፈሩ ንምግባር ኣሐይልና ንሰርሓሉ ዘሎና ዕማም እዩ። እቲ ምንታይ፡ እቲ ስልጠናታት፡ ስድራ-ቤታት መነባብሮኦን ክመርሓን ቁጠባኦን ኣሰሲነን ናብራኦን ከመሓይሻን ስለዝሕግዘን። ስለ'ዚ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ኣብ ዞባታት ብኽም'ቲ ዝጥዕሞ ኣገባብ ንጥፈታቱ እናኣሰላሰለ ይርከብ ኣሎ። እቲ ዓይነት ስልጠናታት - ማእለማ፡ ቅዲ-ክዳን፡ ስንጀር፡ ኣሰራርሓ መግብን ካልእን ዘጠቓለለ እዩ። ብዘይካ'ቲ ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነተን ዝውደብ ስልጠናታት፡ ብመሻርኽቲ ኣካላት እውን ኣብ ስርሓት ካይላ፡ ኮሚፒዩተር ኣፕሊከሽን፡ ምዕራይ መኪና፡ ስነ-ጽበቐ ጸጕሪ

ርእሲን ካልእን ዘተኰረ ካልእ ስልጠናታት ብቐጻሊ ይወሃብ ኣሎ። እቲ በብእዋኑ ዝወሃብ ስልጠናታት እሞ ኣበርክቶኡ ወይ ውጽኢቱ ኣብ'ተን ስድራቤታት ከመይ ይግምገም? ተኻፈልቲ እቲ ስልጠናታት ዝኾኑ ኣንስቲ ስዉኣትን ደቂ-ስዉኣትን ኣስታት 1,400 ይበጽሑ። እቲ ዝቐሰምዎ ሞያዊ ትምህርቲ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ክግምገም እንከሎ፡ ምስ'ቲ ዘሎ ውሽጣዊ ኩነታት ተዛማዲዱ ዝኸይድ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ገለ ስድራ-ቤታት ዕዉታት ክኾና እንከለዋ፡ ብኣንጻሩ ድማ ዘይሰጎማ ስድራቤታት ይርከባኣን። ብሓፈሻ፡ ኩነታት እተን ስድራ-ቤታት ክግምገም እንከሎ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ኣለዋ ክበሃል ይካኣል። በብእዋኑ ንዝተወደበ ስልጠናታት ንምስልሳል ልዕሊ 26 ሚልዮን ናቕፋ ከም ዝተሰለዐ ይፍለጥ። እቲ ስልጠናታት፡ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ብመንግስቲ ዝወሃብ ስሩዕ ደገፍት'ዩ ዝወሃብ። ከምኡ'ውን ንስድራ ስዉኣት ጥሪት ብምሃብ፡ ኣብ መጠን ንኡስ ንግድን ካልእ ንጥፈታትን ብምስታፍ ከም ዝጣየሱ ይግበር ኣሎ። እተን ስድራቤታት ዋላ ብእተፈላለየ መንገዲ እንተ ተጣየሳ፡ እቲ ወርሓዊ ብስሩዕ ዝወሃበን ደበስ ግን ኣየቋርጽን እዩ።

**ስድራ-ስዉኣት ንምንባይ ብዘይካ'ቲ ዝወሃብ ገንዘባዊ ደገፉት ካልእ ዝግበር ሓገዛት እንተሎ ክትገልጸልና?**



ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ስዉኣቱ ዘለዎ ኣኽብሮት መዘና-ኣልቦ እዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ንስድራ ስዉኣት እተፈላለየ ሓገዛት ንምብርካት ወትሩ ቁሩብ እዩ። ብፍላይ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ስድራ-ስዉኣት፡ ብዘይካ'ቲ ብመንግስቲ ዝወሃቦም ደበስ፡ እቶም ኣዝዮም ጽጉማት ዝኾኑ ስድራ-ቤታት ገንዘባዊ ደገፍ ይወሃቦም እዩ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ኣብ ሕርሻዊ ዕማም ንስድራ ስዉኣት ንምሕጋዝ፡ ካብ እዋን ምዝራእ ክሳብ ምእታው ኣእካል ዝኸይድ - ኮም መሰረት ዝገበረ ደገፋት እውን ኣሎ። እዚ ንጥፈት'ዚ ብኮም ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተላይ ብተመሃሮን ሓይልታት ምክልኻልን ዝደገፍ እዩ። ስለዚ፡ እቶም ኣብ ገጠር ዝነብሩ ስድራ-ስዉኣት ምስ'ቶም ኣብ ከተማ ዘለዉ ብምዝማድ፡ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ኣለዉ ክበሃል ይከኣል። በዚ ምኽንያት፡ እቶም ኣብ ከተማ ዝነብሩ ስድራ-ስዉኣት፡ ምስ ህይወት ከተማ ብምንጽጻር ብዙሕ ወጻኢታት ስለዘህልዎም፡ ብኣኡ መጠን

ቁጠባዊ ትሕዝቶኦም’ውን ትሕት ዝበለ እዩ። ህዝብና ወትሩ ሞሳ ስዉኣት ስለዝዝክር፡ ስድራ ስዉኣት ክናቢ ድሉው’ዩ። እዚ ብግብራዊ ተሳትፎ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ።

**ኣብ ቅንያት ዝኽሪ 20 ሰነ ከምኡ ድማ ኣብ ካልእ ሃገራዊ በዓላት ብመንእሰያት ዝወሃብ ደገፍ ከመይ ይቐጽል ኣሎ?**



ኣብ ቅንያት 20 ሰነ ይኹን ካልእ ሃገራውን ሃይማኖታውን በዓላት ዝግበር ሓገዛት ብመራኽቢ ብዙሃን ክቃላሕ ንሰምዖ ኢና። ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብምሽራኽ፡ ኣብ እንግዶት እተፈላለዩ በዓላት ስድራ ስዉት ንምሕጋዝ ሰፊሕ መደባት የሰላስላ እየን። ኣብ ርእስ’ዚ፡ ምንባይ ስድራ ስዉኣት ንኲሉ ዜጋ ዝምልከት ዕማም እዩ። እምበኣርከስ፡ እዚ ቅዱስ ተግባር’ዚ ናብ’ቶም ተረከብቲ ሃገር ዝኾኑ ተመሃሮ ተሰጋጊሩ ክትዕዘቦ እንከለኻ ዝያዳ ሓበን’ዩ ዝስመዓካ። ከም መርኣያ ናይዚ፡ ገለ ኣብያተ ትምህርቲ ዓመታዊ ክሳብ ኣርባዕተ ስድራ ስዉኣት ይናብያ ኣለዋ። ስለዚ፡ እዞም መንእሰያት ሕድሪ ሰማእታት ምስካሞም፡ ብቐሊሉ ዘይጥመት ዘኹርዕ ተበግሶ እዩ።

**ኣብ መወዳእታ ከተመሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ እንተሎ ዕድል ክንህበካ?**

ስድራ-ስዉኣት ንምሕጋዝ ዝተበገሱ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብሩ ዜጋታት፡ መብዛሕትኦም ሰብ-ጸጋ እዮም። ሰራሕተኛታት መንግስቲ’ውን ነቲ ቅዱስ ተግባር ብዓቕሞም ይሳተፉዎ ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ንዝተለለዩ ጽጉማት ስድራ ስዉኣት ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ደገፍ ክግበረሎም ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ዝርከቡ ጽጉማት ስድራ ስዉኣት ብምልላይ፡ ንዓመት ይኹን ንኽልተ ዓመት ዝኸይድ ደገፉት ይግበረሎም ኣሎ። ኣብ ትሽዓተ ንኡሳን ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እውን ተመሳሳሊ ተበግሶ ይውሰድ ኣሎ። ስለዚ፡ ካልኦት ዞባታት እውን ነዚ ኣብ’ተን ክልተ ዞባታት ዝካየድ ዘሎ ዕማማት ክኽተለኦ ይግባእ። ዜጋታት ካብቲ ዘበርክትዎ ዓይነታዊ ይኹን ጉልበታዊ ደገፍን፡ ካብ’ቶም ስድራ ቤት ስማእታት

ዝረኸብዎ ምላሽን ንላዕሊ፡ ዚያዳ እቲ ኣብ ውሽጦም ዝኹላዕ ዘይድህሰስ መንፈሳዊ ዕጋበት ይዓዝዝ። እቶም ኣብ ዞባታት ሰሜናዊን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ንስድራ ስዉኣትን ክሕግዙ ዝወሰኑ እኹል ትሩፍ ትሕዝቶ ሃልይዎም ኣይኰነን። እንታይ ድኣ፡ ካብቲ ዘለዎም ዝርካቡ እቶት ንስድራ ስዉኣት ከካፍሉ እንከለዉ ዓቢ ናይ ሕልናዊ ዕጋበትን ቅሳነትን ስለዝስምዮም እዩ።

ስለዚ፡ ኣብተን ዝተረፉ ዞባታት ዝርከቡ ሰራሕተኛታት እውን፡ ነዚ ኣብነታዊ ተግባር ክስዕብዎን ከስፍሕዎን ይላቦ። ሃገርና ብሳላ ሰማእታት’ያ መስተርሆት ረኺባ። ንራህዋ ሓፋሽ ብዙሓት ሰማእታት ሓሊፎም እዮም። ኣብ ርእስ’ዚ፡ ልኡላውነት ሃገር እንተዘይዋሓስ ነይሩ መጻኢ ዕድል ወላዶታት ኣብ ምንታይ ኲነታት ምሃለወ? ስለዚ፡ ኲሉ ዜጋ ምንባይ ስድራ ስዉኣት ሓላፍነታዊ ግዴታኡ ምዃኑ ክግንዘብ ኣለዎ። ካብ’ኣቶም እንበቆ ደገፍ ይኹን ሓገዝ ክህሉ ኣይግባእን።